TARGET
Keep Antibiotics Working

# ነቲ ልሙድ ረኽሲ ብኸመይ ክቈጻጸሮ ይኽእል

## ዕድሚኦም 16 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝኾኑ ኡኹላት ሰባት እተርኢ ወረቐት

## 1. ናይ ሉሙድ ረኽሲ ምልክታት እንታይ እዮም?

**ሀ ኣዕይንቲ**

- ቁልዒ የዕይንቲ

**ሐ ኣፍ-ልቢ**

- ሰዓል
- ሕጽረት ምስትንፋስ
- ቀጠልያ ወይ ብጫ ልፋጭ

**ሰ ቖርበት**

- ማይ ዘለዎ ቁስሊ
- ምቀያሕ ወይ ሕበጥ ኣብ ከባቢ ቊስሊ
- ናይ ኣትለት ኣግሪ( ሰሓ ኣብ መንጎ ኣጻብዕቲ የእጋር)




**ለ ኣእዛን : ኣፍንጫን ጎረሮን**

- ቃንዛ ወይ ቁስሊ
- ጸረርታ
- ሕበጥ ሓናት

**መ መዓንጣ**

- ተምላስ
- ውጽኣት

**ረ ብልዕቲን ሽንቲን**

- ቃንዛ ኣብ ምሕላፍ ሽንቲ
- ለይቲ ብዙሕ ግዜ ሽንቲ ምሻን
- ቅይሕ ዝበለ ሽንቲ
- ነዝዒ
- ቃንዛ ኣብ ታሕተዋይ ከብዲ

## 2. ቫይረስ ኮሮና (ኮቪድ-19) ኣለኒ ኢለ እንተሓሲበኸ?

ክልለዩ ዘለዎም ልሙዳት ምልክታት ኮቪድ-19 እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ምስኣን ወይ ምቕያር ስምዒት ምሽታት ወይ ምስትምቓር
- ልዑል ሙቐት ከምኡ'ውን
- ሓድሽን ዘየቋርጽን ሰዓል ።

ንተወሳኺ ምኽሪ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ኣብዚ መርበብ ርአ **www.gov.uk/coronavirus** ወይ ከኣ ናይ ዞባኹም ናይ ሕክምና ሓገዝቁጽሪ (ንድሕሪት ናይ ወረቐት ተመልከቱ) ደውል ።


TARGET is operated by the UK Health Security Agency.  Developed in collaboration with professional medical bodies.
Version: 1.1.  Published: Nov 2020.  Review date: Nov 2023.

## 3. ንሉሙድ ረኽሲ ብኸመይ ክሕክሞ እኽእል?

**ቡዙሕ ዕረፍቲ ውሰድ** ክሳብ ዝሓይሽ ዝስመዓካ።

**ናይ ቃንዛ ውሰድ** እንተደሊኻ (ነቲ መምርሒታት ከም እትኽተሎ ኣረጋግጽ)።

**ብዙሕ ፈሳሲ ስተ** (ካብ 6 ክሳብ 8 መስተ ፡ ወይ 2 ሊትሮ) ጹርይ ሽንቲ ብቐጻሊ ምእንቲ ኽትሸይን።




ን **ሰዓል**፣መዓርን ናይ ሰዓል መድሃኒታትን ፈትን። ን **ቃንዛ ጎሮሮ**፣ ሕክምናዊ ሎዚንጅ (ኣብ ኣፍ ዝሓቅቅ ናይ ቃንዛ ጎሮሮ መድሃኒት) ከምኡ'ውን ናይ ቃንዛ መህድኢ ፈትን።

**ናይ ዓይኒ ረኽሲ** ብዉዑይ ወይ ዙሑል ቱርኩስ ሽጋማኖ ኣመቻኣዮ።

ን **ናይ እዝኒ ደጋዊ ረኽሲ**፣ ዋዒ ከባብያዊ ኣየር (ከም ዉዕይ ሽጋማኖ) ተጠቀም።

## 4. እዚ ረኽሲ እዚ ንኽንደይ ግዜ ክቕጽል ይኽእል?

| ሰዓል | ቃንዛ ጎሮሮ ወይ ቃንዛ እዝኒ | ጉንፋዕ | ኖሮቫይረስ (ተምላስ ከረምቲ) | ሲኑስ ሕማም ረኽሲ |
|---|---|---|---|---|
| 21 መዓልቲ | ካብ 7 ክሳዕ 8 መዓልቲ | 14 መዓልቲ | ካብ 2 ክሳዕ 3 መዓልቲ | 14 ክሳዕ 21 መዓልቲ |

**ምስ GP(ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተራኸብ)** ምልክታትካ እንዳገደደ እንተደኣ ከይዱ ወይ በቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ግዜ እንተ ዘይሓሽካ።

ርአ **www.nhs.uk** ን **ምኽሪ ነብሰ-ምክልኻል** ብዛዕባ ሉሙድ ረኽስታት

## 5. ሕማመይ ንኽሓዊ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት የድልዮ ድዩ ?

- **ሰውነትካ ብባዕሉ**ንተራ ረኽሲታት ክቃለስ ይኽእል እዩ ፡፡
- መብዛሕትኡ ግዜ ጸረ-ነፍሳት ኣየድልየካን እዩ ፣ ምልክታት ናይ ሓደ **ብባክተርያኣዊ ኣገባብ** ረኽሲ እንተዘይተራእዩ (ከም ረኽሲ ሽንቲ) ከቢድ እዩ - በዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ብዛዕባ እዚ ክመኽረካ ይኽእል እዩ፡፡
- ዘይድልየካ ከሎ ጸረ-ነፍሳት ምውሳድ ነዓካን ንስድራኻን ኣብ ሓደጋ የእቱ፡፡
- ተኸታተል **ብዛዕባ ጸረ-ነፍሳት ብዝምልከት ንኪኢላ ሕክምናኻ ምኽሪ**፡፡



ተወሳኺ ብዛዕባ ጸረ-ነፍሳት ኣብዚ መርበብ ርኸብ **www.antibioticguardian.com**

## 6. ከመይ ገይረ እየ ረኽሰይ ከይላባዕ ኽዓግቶ ዝኽእል?

**ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ እንተደሊኻ:**

**ሓዞ**



ብ መንዲል (ወይ ብናይ ውሽጢ ኩርናዕ ኢድካ)

**ቅበሮ**



ነቲ ዘገልገለ መንዲል ደርብዮ

**ቀተሎ**



ይእዳውካ ብምጽራይ

**የእዳው ኣጽሪ** እንተወሓደ ን20 ሰከንድ ብ ሳሙናን ማይን ወይከኣ ናይ ኢድ ንጽህና ፣

- ቅድሚ ምግቢ ምድላውን ቅድሚ ምብላዕን
- ድሕሪ ምጥቃም ሽቓቅን
- እንስሳ ገዛ ወይ እንስሳ ድሕሪ ምትንኻፍ
- ካብን ናብን ገዛ ክንከይድ ከለና



**ተቖጠብ ካብ**ብኣዒንትኻ ፣ ኣፍንጫኻ ወይ ኣፍካ ብዘይጸረየ ኣእዳውካ ካብ ምትንካፍ፡፡

እንተ ተኻኢሉ : **ካብ ካልኦት ሰባት ርሕቕ በል**(2 ሜትሮ ወይ 6 ጫማ)፣ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ስድራቤትኻ ዘለዉ ተነቀፍቲ ሰባት፡፡



**ኣይትካፈል**ምስ ኣፍካ ዝራኸብ ኣቑሑ ኣይትጠቐም ፣ ንኣብነት ኣቕሑ ምብላዕ ከምኡውን ብራሽ ስኒ፡፡



ንስኻን ስድራኻን **ምስ ክታበታት አዘምን**፡፡ **ኩሉግዜ ክረምታዊ ክታበታት ወሰድ** (ከም ናይ ሰዓል) ክትረክብ ትኽእል እንተኾይንካ፡፡

ብጻሕ ወይ ደውል **ፋርማሲ ንተወሳኺ ምኽሪ** ብዛዕባ ሉሙዳት ርኽሰታት

## 7. ነየናይ ምልክት ከቢድ ሕማም እየ ክርኢ ዘሎኒ ?

**ቡርቱዕ** ቃንዛ-ርእሲ ከምኡ'ውን ተምላስ

ቀጻሊ **ረስኒ ወይ ቁሪ-ቁሪ** (ሙቀት ልዕሊ 38°C ወይ ትሕቲ 36°C)

ፀገማት **ምውሓጥ**
**ኣብ ከባቢ ኣፍ ናብ ሰመያዊ ሕብሪ ምቕያር**

ምስዓል **ደም**

**ምትንፋስ** ብቕልጡፍ ወይ ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ

**ቃንዛ ኩሊት** ኣብ ሕቝኻ ኣብ ትሕቲ መሰንገለኻ

**ቃንዛ ኣፍ-ልቢ** ወይ ዓቅሊ-ጽበት
ሓድሽ **ኣዝዩ ቁልጡፍ ወይ ዝሑል**

ዝርአ **ደም** ኣብ ሽንቲ
**ከቢድ ቃንዛ** ሽንቲ ኣብ ዝሓልፈሉ ግዜ ወይ ብለይቲ ዝያዳ ምሻን
**ቀይሕ ሽንቲ** ምስ ፈሳሲ ኣብ 1 ክሳብ 2 መዓልቲ ዘይመሓየሸ

**እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት ምስዝህልዉኻ ፡ ናብ GP(ሓፈሻዊ ሓኪምካ) ብህጹጽ ተዘራርብ ወይ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ናይ ዞባኻ ተጠቐመሎም።**

**NHS(ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና)ዓ[illegible] እንግሊዝ**
**ውሑድ ክኸውን እንከሎ ካብ ህጹጽ 999**
**www.111.nhs.uk**

**NHS ቀጥታ ወልስ**
**www.111.wales.nhs.uk**

**NHS ስኮትላንድ**
**www.nhs24.scot**

**ሰመናዊ ኣየርላንድ**
**ምስ GP(ሓፈሻዊ ሓኪምካ) ተራኸብ**

እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም እንተደሊኻ ኣስተርጓማይ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም ።

## 8. ምልክታት ሰፕሲስ እንተ ጠርጢረኽ?

ሰፒሰስ ንህይወት ኣስጋኢ ግብረመልሲ ናይ ንረኽሲ እዩ ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ፦

- ዘረባ ምጥፋእ ፡ ምድንጋር ወይ ትኽስታ
- ክቱር ቀትቀት ምባል
- ንንልዕሊ ሓደ መዓልቲ ዘይምሻን
- ብብርቱዕ ሕጽረት-ትንፋስ
- ትመውት ዘለኻ ኮይኑ ይስመዓካ
- መመናፈት ኣብ ቆርበት ወይ ሕብሪ ምቕያር።

**ንስኻ ወይ ካልኦት ምልክታት ሕማም ሰፒሲስ ነፍሪ እንተልዮምኻ ፡ ናብ 999 ደውል**